11 ነሓሰ 2023

ብDr. Horton ዚውሃብ ሰሙናዊ መልእኽቲ ስድራቤት

**-ንድፊ-**

ዓመተ-ትምህርቲ 2023-24 ይጅምር ብምህላዉ፡ ብሓቂ ኣዝዩ ባህ ዜብል እዩ! ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ብሓያል ጸዓት፡ ሓጐስን ዝተሓደሰ ኩነተ-ዕላማን ተመሊኤን ኣለዋ። ንልዕሊ 25 ኣብያተ-ትምህርቲ ብኣካል ንኽበጽሕ ዕድል ረኺበ ነይረ፣ እቲ ዝረኸብክዎ ምዉቕ ኣቀባብላን ምስኣም ዝገበርክዎ ጽምዶን ኣነቓቓሒ ነይሩ፣ መንግስታዊ ትምህርቲ፡ ህይወታት ሰባት ኣብ ምቕያር ዘይክሓድ ዓቕሚ ከምዘለዎ ንዘሎኒ እምነት ደጊሙ ኣረጋጊጹለይ፣ እቲ እንሰርሖ ኩሉ ስራሕ ድማ ኣብ ጉዳያት ህዝቢ ዜተኮረ ምዃኑ ኣዘኻኺሩኒ።

ዓቢ ዜና፥ ኣብዚ ሰሙን ጥራይ፡ ነቲ ዝነበረና ክፉት ቦታ ስራሕ ብልዕሊ 15% ከምዝጐድል ገይርናዮ ኣሎና! እቶም ናይ ስራሕ ህንጡይነት ዘለዎም እሞ ኸኣ ንጉጅለና ዝተጸንበሩ መምሃራን፡ ንዕብየትን ዓቕምን ነፍስወከፍ ተማሃራይ ንኽበርኹ ኣብ ዝገብርዎ መስርሕ እጃሞም ንዘበርከቱ ኩሎም ሰባት ናእዳና ነቕርብ። ብዙሕ ዝስራሕ ስራሕ እኳ ተሪፉና እንተሎ፡ እዚ ዜና'ዚ ግን ኣዝዩ ኣተባባዒ እዩ!

ብመገዲ'ቲ ኣብ ምምሕያሽ ኣተኩሩ ዝውሰድ "ንብሉጽነት ለውጢ ምምጻእ (Disrupting for Excellence)" ዚብል ሜላ፡ ከምዚ ዓይነት ህንጡይነት'ዚ ቀጻሊ ከምዝህሉ ክንገብር ኢና። ነቲ ልምዳዊ ትምህርቲ ብምምሕያሽን ንእተጠናኸረ ተሞክሮታት ትምህርቲ ናይ ነፍስወከፍ ተማሃራይ ዜሐይል ምህዞኣዊ ኣካይዳ ከምዝህሉ ብምግባርን፡ ኣብ ህሉው ኩነታት ለውጢ ኣብ ምምጻእ ብስትራተጂ ደረጃ በዳሂ ስራሕ ንሰርሕ ኣሎና።

እቲ ኣብ ትምህርቲ ውላድኩም እትገብርዎ ንጡፍ ተሳታፍነትኩም፡ ንዓወቱ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ብሕብረት ኬንካ ምስራሕ፥ ንኣካዳምያዊ፡ ማሕበራውን ስነልቦናውን ዕብየት ውላድኩም ኣብ ምጥንኻር ሓያል ሽርክነት ኪፈጥር ይኽእል እዩ። እቲ ኣብ መደባት ትምህርቲ ምስታፍን ምስ መምሃራንን ኣማሓደርትን ጥቡቕ ርክብ ምግባርን ብዓቐኑ ንእሽተይ እኳ እንተኾነ፡ ንትምህርታዊ ተሞክሮታት ውላድኩም ኣብ ምጥንኻር ግን ኣዝዩ ኣገዳሲ ስጉምትታት እዩ። ንፍቕሪ ትምህርቲ ከምዚሕይልን ውላድኩም ብሩህ መጻኢ ከምዚህልዎን ዚገብር ሓጋዚ መርበባት ርክብ ንህነጽ።

ኣዝዩ ውጽኢታዊ ዚኾነ ኣካዳምያዊ ዓመት ንኽህልወና ዚገብር ጽኑዕ መሰረት ሰሪትና ኣሎና ክብል ከለኹ ሓበን ይስምዓኒ። ነቶም ኣዝዮም ክቡራት ሃብትኹም ዝኾኑ - ደቅኹም- ትርጉም ዘለዎ፡ ልዑል-ብቕዓት ዘለዎ ትምህርቲ ንኽንህቦም ኣባና እምነት ብምሕዳርኩም ነመስግነኩም!

ሰሰናዩ ንዓኹም!